
# እምነት ባሃኢ

## ሓጺር መግለጺ*



እምነት ባሃኢ ከምተን ቀዳሞት ዓበይቲ ሃይማኖታት ርእሳ ዝኸኣለት ናይ ዝሕ ርእሳ ነብይን፣ ቅዱሳት መጻሕፍትን፣ ዘድሊ ናይ ምምሕዳር ኣቕዋምን ዝሓዘት፣ ብእግዚኣብሄር ነዚ ግዜዚ እተዋህበት ሃይማኖት ደኣ እምበር ጨንፈር ናይ ዝሓለፋ ሃይማኖታት ኣይኮነትን።

መስራቲኣ፣ ባሃኡላህ (ክብሪ ኣምላኽ) ይበሃል። ንሱ እቲ ኩሉም መስረትቲ ሃይማኖታት ፣ ማለት ክርስቶስ፣ ክሪሽና፣ ሙሴ፣ ዞራስተር፣ ቡድሃ፣ መሓመድ፣ ኣብ ምልኣተ ዘመን ኪግለጽ እተነበዩሉ ልኡኽ እግዚኣብሄር እዩ። ሰዓብቱ ኸኣ "ባሃኢ" ተባሂሎም ይጽውዑ።

እቲ ጸራግ መገዲ ማለት ባብ (እቲ ኣፍደገ) ነቲ ዝሓለፈ እምነታት ደምዲሙ ነቲ ሓድሽ መዋእል ብምኽፋት፣ ብ1844 ዓ.ም.ፈ. ንምጽኣት ባሃኡላህ (ክብሪ ኣምላኽ) ኣበሰረ።

ስለዚ እምነት ባሃኢ መስራቲኡ ባሃኡላህ (ክብሪ እግዚኣብሄር) ይበሃል። ባሃኡላህ ተወልደሉን ዝዓበየሉን ቦታ ኣብ ሃገር ፋርስ (ኢራን) እኳ ኣንተኾነ ልዕሊ ፍርቂ ዕድመኡ ግን ኣብ ማእሰርትን ስደትን ኣሕሊፍዎ።

### እግዚኣብሄርን ልኡኻቱን

እግዚኣብሄር መጀመሪያን መወዳእታን ዘይብሉ ኸኩሉ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ ዝፈጠረ፣ ብኣእምሮ ደቅሰብ ኪስትውዓል ዘይክእል ረቂቕ ዝኾነ መንፈስ ኢዩ። ዝኾነ ይኹን ብዛዕባ እግዚኣብሄር እንግምቶ ሓሳብ ኣእምሮና ዝፈጠሮ ምስሊ ደኣ እምበር እግዚኣብሄር ከምዘይኮነ እምነት ባሃኢ የስተምህረና። ንእግዚኣብሄር ክንፈልጦ እንኽእል ግን ንልኡኻቱ ብምቕባል ጥራይ ኢዩ።

ሓደ ልኡኽ ኣምላኽ ወይ ግልጸት፣ ፍቓድን ዕላማን ኣምላኽ ንደቅሰብ ንኺገልጽ ብእግዚኣብሄር እተመርጸ ሰብ ደኣ እምበር፣ ንባዕሉ እግዚኣብሄር ኣይኮነን። ሓደ ልኡኽ እግዚኣብሄር ሰብኣውን፣ ኣምላኻውን ባህርይ ኣለዎ። ብናይ ሰብኣዊ ባህሪኡ ከም ማንም ሰብ ይውለድ፣ ይዓቢ ይሰቐ፣ ይመውት። ብናይ ኣምላኻዊ ባህሪኡ ግን ፈጺሙ እተፈልየ ኢዩ። ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፣ ቃል እግዚኣብሄር የስተምህር ንደቂ ሰብ ከኣ ካብ ማእሰርቲ ስጋ ሓራ የውጽኦም።

ልኡኻት እግዚኣብሄር፣ ብእግዚኣብሄር ስልጣንን ሓይልን ተዋሂቦም ብስም እግዚኣብሄር፣ ኣብ ዘዘመኑን፣ ኣብ ብዙሓት ሃገራትን ስለዚመጹ ብመንፈስ ኩላቶም ሓደ ኢዮም።

እቲ ዝህብዎ ትምህርቲ ኸኣ፣ እቲ ህዝቢ ኪርድኦን፣ ኪጾርን ዚኽእል ኮይኑ ነቲ ጊዜን፣ ቦታን ዝሰማማዕ ኢዩ። ትምህርቶም ብሓፈሻ ኣብ ክልተ ይኽፈል። ማለት መንፈሳውን፣ ማሕበራውን። እቲ መንፈሳዊ ከም ፍቕሪ ርህራህ፣ ትሕትና ወዘተ.. ብብዘመኑ እናዓመቑ ዚኸይድ እምበር ዘይቅየር ክኸውን ከሎ፣ እቲ ማሕበራዊ ትምህርቲ ከኣ፣ ከም ሕጊ-መርዓ ፍትሕ፣ ስርዓት ቀብሪ ዚኣመሰሉ፣ ምስ ኩነታት ናብራ ደቅሰብ እናተሰማምዔ ክከም ጊዜኡን ኩነታቱን ዚልወጥን ዝቕየርን እዩ።

እቲ ቀንዲ ዕላማ ልኡኻት እግዚኣብሄር፣ ኣምልኾ እግዚኣብሄር ንምድልዳልን ኣብ መንጎ ደቅሰብ ፍቕርን ሰላምን ንምምስራትን ኢዩ።

ትምህርቲ ልኡኻት እግዚኣብሄር እንተተመልከትና፣ ኩላቶም ነዚ ዝስዕብ የስተምህሩና።

- ሓደ ኣምላኽ ከምዘሎ፣
- እግዚኣብሄር ንሰብ ዝምህሮን፣ ዝመርሖን ብልኡኻቱ ከም ዝኾነ፣
- ፍቕሪ፣ ሓቂ፣ ፍትሒ ወዘተ ከም ዘድሊ፣
- ጸሎትን ጾምን ምስ እግዚኣብሄር ከም ዘራኽበና፣
- ድሕሪ ሞት ሕይወት ከምዘሎ፣
- ንእግዚኣብሄር ምእዛዝ ድሕነት፣ ዘይምእዛዝ ከኣ ኩነኔ ከም ዘስዕብ፣
- ኣብ "ምልኣት ዘመን" ሓድነት ሃይማኖት፣ ሓድነት፣ ደቂ ሰብ፣ ፍጹም ሰላም፣ ከም ዝምስረት፣

ዛንታ ሃይማኖት ካብ ዝጀመር በብግዜኡ ዝተንስኡ ልኡኻት፡-

| ሃይማኖት | መስራቲ | ግዜ | | ቦታ |
|---|---|---|---|---|
| . ሳቢያን | ? | | | |
| . ሂንዱ | ክሪሽና | 2000 | ቅ.ክ.ል | ህንዲ |
| . ኣይሁድ | ሙሴ | 1300 | " | እስራኤል |
| . ዞራስተራዊ | ዞራስተር | 1000 | " | ፋርስ |
| . ቡዲዝም | ቡድሃ | 563 | " | ህንዲ |
| . ክርስትና | ክርስቶስ | 30 | ድ.ልክ | እስራኤል |
| . እስልምና | መሓመድ | 621 | " | ዓዲ ዓረብ |
| . ባቢ | ባብ | 1844 | " | ፋርስ |
| . ባሃኢ | ባሃኡላህ | 1863 | " | ፋርስ |

ባሃኡላህ ንድሕነት ህዝቢ ዓለም ዘድሊ ትምህርቲ ሂቡ ኣሎ፣ ሓደ ሓደ ነጥብታት ካብ ትምህርትታቱ ድማ፡-

- ሓድነት ሃይማኖት
- ስኒት ሃይማኖትን ሳይንስን
- ሓድነት ደቂ-ሰብ
- ከይመርመርካ ዘይምፍራድ
- ግዴታዊ ትምህርቲ
- ማዕርነት ጾታ ወዘተ።

ገና ኣብ ማሕዩር ከሎ ኸአ ብ1892 ኣብ ኣካ እስራኤል (እታ ቅድስቲ ሃገር) ዓረገ።

እዚ እምነትዚ ሎሚ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሑ ይርከብ። እቲ ቐንዲ ትምህርቱ፣ ኣብ ሓድነት እግዚአብሄር፣ ሓድነት ሃይማኖት፣ ሓድነት ደቂ ሰብ እተመስረተ ኢዩ። እምነት ባሃኢ፣ ቅዱሳት ጽሑፋትን፣ ኣቕዋምን፣ ሕጋጋትን ዝሓዘት፣ ኑቲ ኩለን እተን ኣቐዲመን እተገልጻ ዓበይቲ ሃይማኖታት ዝጽበያኦ ዝነበራ ትንቢታት ፈጻሚት ኮይና ትርከብ።

## ሓጺር ዛንታ እምነት ባሃኢ

ኣብ መበል 19 (ክ) ዘመን፣ ኣብ መላእ ዓለም ሀውክትን፣ ውግእን፣ ወረ-ውግእን ከምዝነበረ ኣብ ዘንታ ንርኢ፣ በዚ ምኽንያትዚ ኸአ ብዙሓት ሰባት መወዳእታ ዓለም ከም ዝኣኸለ ምስ እቲ
ትንቢት ናይ ኩለን እተን ካብ መንግስቲ ኣምላኽ ዝወረዳ ቅዱሳት ጽሑፋት ሃይማኖታት ኣመሳኺሮም፣ እምነት ኣሕዲሮም፣ ንህዝቢ ዓለም የጠንቅቑ ከም ዝነበሩ ነንበብ።

ንኣብነት ካብቶም ዝደልዩን፣ ዘጠንቅቑን ዝነበሩ ሰባት፣ ዎልፍ ኣብ እስያ፣ ዊልያም ሚለር ኣብ ኣሜሪካ፣ ሜዞን ኣብ ስኮትላንድ፣ ሰር ኤድዋርድ ኤርቪንግ ኣብ ሃገር እንግሊዝ፣ ሸኽ ኣሕመድ ኣሕሳኢ ኸአ ኣብ ሃገር ፋርስ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

## እቲ ባብ (እቲ ኣፍደገ)

ብ1844 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሃገር ፋርስ (ኢራን) ባብ እተባህለ ሰብ ትንቢት ናይተን ዝሓለፋ ሃይማኖታት ኪፍጽም ዝመጸ ልኡኽ እግዚአብሄር ምዃኑ ኣወጀ። ድሕሪ ሓጺር ጊዜ ኸአ ንሃይማኖታት ዘሕብር፣ ሓድነት ደቂ ሰብ ዝምስርት፣ ዓብዪ ልኡኽ እግዚአብሄር ከም ዚግለጽ ኣበሰረ።

ንሹዱሽተ ዓመታት ዝኣክል ምስ መሃረ፣ መራሕቲ ሃይማኖታት ሃገር ፋርስ ትምህርቱ ንምጥፋእ ኣንጻሩ ተላዒሎም ኣብ ማእከል ዕዳጋ ከተማ ታብሪዝ ብምርሻን ቀተሉዎ። ካብ ዕስራ ሺሕ ዝበዝሑ ሰዓብቱውን ምእንቲ እምነቶም ተሰውኡ። እዚ በቶም ኣብቲ ጊዜቲ ኣብ ሃገር ፋርስ ዝቕመጡ ዝነበሩ ዛንታን ናይ ሃገር እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ፣ ሩስያን ኣምባሳደራት እተሳእከ ደብዳበታት ተጻሒፉ ይርከብ።

## ባሃኡላህ (ክብሪ ኣምላኽ)

ባሃኡላህ ልኡኽ እግዚአብሄር ምዃኑ ቅድሚ ምግላጹ ሰዓቢ ናይ ባብ ነበረ። በዚ ምኽንያትዚ ምስ ብዙሓት ኣመንቲ ባብ፣ ኣብ ከተማ ቴህራን ተኣሲሩ ሃብቱን፣ ጥሪቱን ተገበተ። ብ1852 ዓ.ም.ፈ ምስ ቤተሰቡን፣ ቁሩባት ሰዓብቲ ባብን፣ ናብ ከተማ ባቕዳድ ተሓየረ። ኣብዛ ከተማዚኣ ኸአ ንሱ እቲ ቀዳሞት ነብያት እተነበዩሉ ልኡኽ እግዚአብሄር ምዃኑ ብ1863 ዓ.ም.ፈ. ኣወጀ።

ትምህርቱን ዝናኡን እናተፈልጠን እናሰፍሐን ኪኸይድ ምስ ተራእየ፣ ምዝርጋሕ ትምህርቱ ንምዕንቃፍ መንግስቲ ፋርስን፣ ቱርክን ተሰማሚያም ምስ ስድራ ቤቱን፣ ገለ ካብ ሰዓብቱን ካብ ከተማ ባቕዳድ ንኸተማ ኢስታንቡል ቀጺሎም ከኣ ንከተማ ኣድሪያኖፕል ሓየሩዎ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ብእስክንድሪያ ኣቢሉ ኣብ ከተማ ኣካ (እኮር) ፍልስጤም (እስራኤል) ተኣስረ።

ባሃኡላህ ንኣርብዓ ዓመታት ኣብ ማሕዩርን፣ ማእሰርትን ኣብ ዝነበረሉ ጊዜያት፣ ነዚ ዘመንዚ ዘድልዩ ብዙሓት መንፈሳውን፣ ማሕበራውን ትምህርቲ ዝሓዙ መጻሕፍቲ ገደፈ። ባሃኡላህ ብ29 ግንቦት 1892 ዓ.ም.ፈ. ካብዛ ዓለምዚኣ ብስጋ ተፈለየ።

## ዓብዱል-ባሃ (ጊላ እግዚአብሄር)

ዓብዱል-ባሃ፣ ኑቲ ባሃኡላህ ንእምነት ባሃኢ ኣብነት ኪኸውን፣ ከምኡውን ናይ ባብን፣ ናቱን ቅዱሳት ጽሑፋት ንምግላጽ፣ እተፈልየ ሓላፍነት ከምዘለዎ ጽሑፍ ኪዳን ዝገደፈሉ እዩ።

ዓብዱል-ባሃ ካብ ጊዜ ንእስነቱ ጀሚሩ ምስ ባሃኡላህ ተኣሲረን ተሓየረን። ብ1908 ዓ.ም.ፈ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ኣካ ወጸ፣ ብድሕሪዚ ኣብ ሓደ ሓደ ሃገራት ኣፍሪቃን፣ ኤውሮጳን፣ ኣሜሪካን እናተዘዋወረ እምነት ባሃኢ ኣስተምሃረ። በቲ ፍጹምን፣ መንፈሳውን ዝኾነ ባህርኡ ከኣ ኣስተምህሮ እናሃበ ኣብ መንጎ ዓበይቲ ናይ ሳይንስ ሊቃውንትን፣ ናይ ሃይማኖት መራሕትን፣ ከምኡውን ኣብ መንጎ እተማሃሩን፣ ዘይተማሃሩን ዓብዪ ፍቕርን፣ ኣድናቖትን ኣትረፈ። በቲ ንሱ ዝነደፎ መንፈሳዊ መትከል ኸአ እምነት ባሃኢ ሎሚ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሑ ይርከብ። ዓብዱል-ባሃ፣ ብ28 ሕዳር 1921 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ሃይፋ ዓረፈ።

## ሾጊ ኤፈንዲ

ዓብዱል ባሃ ንሾጊ ኤፈንዲ እቲ ቆጻማይ ዓቃቢ እምነት ባሃኢ ኮይኑ ንኸገልግል ጽሑፍ ኪዳን ገደፈ። ሾጊ ኤፈንዲ ከኣ ኑቲ ዓብዱልባሃ ዝሰርዖ መንፈሳዊ ኣቕዋም ተመርኪሱ፣ ትምህርቲ ባሃኢ ዚዝርጋሓሉ ሰፊሕ መደብ ብምስራዕ፣ ጽኑዕ ዝኾነ ኣመሓዳድራ ብምስንዳው፣ ከምኡውን ብዙሓት መጽሓፍቲ ብምትርጓም ንእምነት ባሃኢ ንሰላሳን ሽዱሽተን ዓመታት ድሕሪ ምግልጋል፣ 4 ሕዳር 1957 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ሎንደን ዓረፈ።

## ናይ ዓለም ቤት ፍትሒ

ሾጊ ኤፈንዲ ካብዛ ዓለም ምስ ሓለፈ፣ እምነት ባሃኢ በቶም ሾጊ ኤፈንዲ ዝሰየሞም ትሽዓተ ኢድ-ሃይማኖት ተኻየደት። ብ1963 ግን ከምቲ ኪዳን ባሃኡላህ፣ እታ ቀዳመይቲ ናይ ባሃኢ "ዓለም-ለኸ ቤት ፍትሒ" ተመስረተት።

ናይዛ ቤት ፍትሒዚኣ ኣባላት ካብ መንጎ ባሃኢ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ እተመርጹ እዮም። በብግዚኡ ኸአ ሓድሽ ምርጫ ይግበር። ኩሎም ኣመንቲ ኸአ ብመሪሕነት ናይዛ ቤት ፍትሒዚኣ ይካየዱ። ዋና ቤት ጽሕፈታ ድማ ኣብ ሃይፋ እስራኤል ይርከብ።